## ብዛዕባ ምኽንሻብ ብልዕቲ ደቂ ኣንስትዮ ክፍለጥ ዝግባዕ ሀቅታት (FGM/C)

## ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ (FGM/C) እንታይ እዩ?

ኣብቲ ብ2022 ኣብ መላእ ዓለም ኣብ ጾታ እተመርኰሰ ዓመጻ ንምክልኻልን ምላሽ ንምሃብን እተገብረ ስትራተጂ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ክፍሊ ሃገራዊ ኽፍሊ ኣካላት ንጾታዊ ብልዕቲ ደቂ ኣንስትዮ ምቑራጽን ምቑራጽን (FGM/C) ከም ኵሉ እቲ ደጋዊ ብልዕቲ ደቂ ኣንስትዮ ብኸፊል ወይ ምሉእ ብምሉእ ምውጋድ ወይ ከኣ ብሰንኪ ሕክምና ዘይኰነ ምኽንያታት ኣብ ብልዕቲ ደቂ ኣንስትዮ ዝወርድ ካልእ ጕድኣት ገይሩ ገለጾ። ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ መብዛሕትኡ ግዜ ኣብተን ካብ ሕጻንነተን ክሳዕ ብጽሕና/ጕርዝውና ዘለዋ ንኣሽቱ ኣዋልድ ሓድሓደ ግዜ ኸኣ ኣብ ዓበይቲ ኣንስቲ ኢዩ ዝፍጸም። ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ንሰብኣዊ መሰላት ዚጐድእን ኣብ ጾታ እተመርኰሰ ዓመጻን እዩ። እዚ ልምዲ እዚ ንጥዕና ዝጠቅም ኣይኰነን ናብ ቅልጡፍን ነባርን ኣካላውን ኣእምሮኣውን ጸገማት ጥዕና እውን ክመርሕ ይኽእል ኢዩ። ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ሎሚ ንልዕሊ 200 ሚልዮን ኣንስትን ኣዋልድን ከም ዝጸለወን ይግመት። ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ዚግበረሉ ምኽንያት ካብ ዞባ ናብ ዞባ ይፈላለ እዩ፣ ኣብ ውሽጢ ስድራ ቤታትን ማሕበረሰባትን ከኣ እተሓዋወሰ ማሕበራዊ ባህሊ ኣለዎ።

***ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ዘኸትሎም ኣሉታዊ ጥዕናዊ ሳዕቤናት እንታይ እዮም?***

ምፍሳስ ደም፡ ብርቱዕ ቃንዛ፡ ትኩሳት ፡ ምንቅጥቃጥ ካብኡ ሓሊፉ’ውን ክሳብ ሞት ዘብጽሑ ገለ ካብቶም ቅልጡፋት ሳዕቤናት ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ እዮም። ረኽሲ ስርዓተ ሽንቲ፡ ፊስቱላ፡ መኻንነት፡ ቃንዛ ኣብ ግዜ ወርሓዊ ጽግያት ወይ ጾታዊ ርክብ ፡ ከምኡ ውን ፡ ገለ ካብቶም ብሰንኪ ምኽንሻብ ኣብ ዝተናውሐ ግዜ ዝርኣዩ ሳዕቤናት እዮም። ብተወሳኺ ዝተኸንሸባ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ግዜ ሕርሲ ጸገም ክጋጥመን ዝወለድኦም ናጽላታት ክሞቱን ዓቢ ተኽእሎ ኣሎ። እዚ ተግባር ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮን ኣዴታትን ዓሚቕ ፍርሒ ፡ ሕፍረት፡ አርሰ ምትእምማን ምስአን ጭንቀት ከምኡ’ውን ካሎኦት ሳዕቤናት የኸትል።

***መንግስቲ ኣመሪካ ንምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ብኸመይ ይሪኦ?***

መንግስቲ ኣመሪካ ንምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ዓይነቱ፡ ክብደቱ መጠኑ ከምኡ’ውን መበገሲኡ ወይከአ መንቀሊኡ ብዘየገድስ ብኡቱብ ይቃወሞ። ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ባህላዊ እምነትን ብጽሕናን ምኽንያት ብምግባር ከም ዝፍጸም ይርዳእ እዩ ፡ ብዝኾነ እዚ ተግባር ከቢድ ምግሃስ ሰብኣዊን ጾታውን መሰላት ከምኡውን ምግሃስ መሰል ህጻናት ከም ዝኾነ ይኣምን። መንግስቲ ኣመሪካ ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ (FGM/C) ደው ንምባል ብዕቱብ ዝሰርሓሉ ዘሎ ጉዳይ እዩ።

***መንግስቲ ኣመሪካ ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ዝምልከት ሓበሬታ ምህብ ንምንታይ ኣድልይዎ?***

መንግስቲ ኣመሪካ ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ንኽብቅዕ ፡ ከምኡ’ውን ኣብ መላእ ዓለም ንጥዕናን ድሕንነትን ከምእውን መሰል ደቂ ኣንስትዮ ንምክልኻል ይውፈ።መንግስቲ ኣመሪካ ኣብ ውሽጢ ኣመሪካን ካልኦት

ሃገራትን ፡ ብዛዕባ ክብደትን ኣዕናዊ ሳዕቤናት ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ኣድሂቡ ንቲ ፀገም ንምክልኻልን ግቡእ መልሲ ንምሀብን ዘኽእል ሥራህ ኣብ ምሥራህ ይርከብ።

***ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ምኪያድን ወይ ድማ ንኪምፍፀም ምህጋዝን ዘኸትሎም ገበናዊ ሳዕቤናት***

ኣብ ኣመሪካ ንትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሚኤን ደቀንስትዮ ምኽንሻብ ወይ ካብ ኣመሪካ ወጻኢ ብምልኣኽ ዝግበር ምፍርራሕ ኣንጻር ሕጊ ኣመሪካ እዩ። ነዚ ሕጊ ምጥሓስ ክሳብ ሓሙሽተ ዓመት ብማእሰርቲ፣ገንዘብ ወይ ብኽልቲኡ ዘቕጽዕ እዩ። ባህልን ልምድን ኣመኻኒኻ ዝግበር ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ቅቡል ኣይኮነን። ምቑራጽ ወይ ካልእ እገባብ ብምጥቃም ኣብ ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሚኤን መፍረ ኣካል ደቂ ኣንስትዮ ዝስዕብ ማህሰይቲ ብሕጊ ናይ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ክልኩል እዩ።

**አንፃር ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ዝወፅኡ ህግጋት ምጥሓስ አብ ኢሚግረሽን ዘኸትሎ ሳዕቤናት**

ንምኽንሻብ ዝምልከት ሕጊ ምጥሓስ፡ ከቢድ ዝኾነ ናይ ኢሚግረሽን ጸገማት የኸትል። ካብ ኣሜሪካ ምስዃግ ወይ ናብ ኣሜሪካ ንምእታው ዘይብቑዕ ይገብር።ብተወሳኺ ንናይ ኢሚግረሽን ጥቕምታት ዘይብቑዕ ይገብር።

**ዝተኸንሸባ ደቂ ኣንስትዮ ምስ ምኸንሸባ ዝተኣሰሳር ሕጊ ጥሂሰን የብለን ዶ?**

ዝተኸንሸበት ጓል ኣንስተይቲ ገበነኛ ኣይኮነትን። እዚ ተግባር ኣብ ልዕሊኣ ብምፍጻሙ ዝጠሓሰቶ ዝኾነ ናይ ኣሜሪካ ሕጊ የለን።ስለዚ ዝኾነት ጓል ኣንስተይቲ ምኽንሻብ ስለ ዝተኻየደላ ጥራሕ ናብኣሜሪካ ናይ ምጋሽ መሰላ ይኹን ብመንግስቲ ኣሜሪካ ዝወሃብ ጥቕምታት ብኣሉታ ኣይጸልውን ። ዝተኸንሸበት ጓል ኣንስተይቲ ንዝትወሰኑ ኢሚግረሽን ጥቕምታት ብቑዕ ንክትኸውን ስለ ዝትኽእል ፍሉጥ ዝኾነ ጠበቃ ወይ ድማ ወኪል ክተማኽር ከምዝግእ ንህብር::

**ተወሳኺ ሓበሬታ/መረዳኣታ አበይ ክግነ ይኽእል?**

ሓደጋ ናይ ምኽንሻብ የንጸላልወኪ እንተሎ ወይ ምኽንሻብ ኣብ ልዕሌኺ ተፈጺሙ እንተኾይኑ ወይ ዝኾነ ሕቶ ፡ ሓበሬታ ብዛዕባ ነዚ ተግባር ዝፍጽም ኣካል ወይ እዚ ሓደጋ ዘንጸላለዋ ሰብ ኣብ ውሽጢ ኣሜሪካ ወይ ካብ ኣሜሪካ ወጻኢ እንተድኣ ኣላ በዚ ዝስዕብ ቴሌፎን ንዝያዳ ሓበሬታ ተወከሱ፡ 800-225-5324(FBI),866-347-2423(DHS ICE Homeland Securituy Investigations),800-4-A-Child (800-422-4453). ምኽንሻብ ሀደጋ ዘንፀላለኪ ተኾይንኺ ወይ ድማ ናይ ምኽንሻብ ሀደጋ ዘንፀላለዋ አሜሪካዊ ትፈልጢ ተኾይንኺ በይዛኺ ብዝስእብ አድራሻ(888) 407-4747 ክትህብርና ንላቦ::ንተወሳኺ ሀበሬታ https://www.uscis.gov/FGMC.